# ኣባላት ሰ.ዴ.ኤን፡ ኤ.ህ.ምን፡ ሰ.ህ.ኤን ናይ ሓባር ኣኼባ ኣካይዶም

## ሎንዶን፡ዓባይ ብሪጣንያ

ብሰንበት 18 ጥቅምቲ 2009 ኣባላት ሰለስቲኤን ናብ ፍጹም ሓድነት ዘምርሓ ዘሎዋ ኤርትራውያን ሰልፍታት ነቲ ንድፊ ፖለቲካዊ ፕሮግራምን ውሽታዊ ሕግታትን ኣብ ሰልፋዊ ጉጅለታቶም ከካትዑዋሉ ብድሕሪ ምጽንሖም በዚ ዝተጠቕሰ መዓልቲ ድማ ብሓባር ተመያይጦምን ነቲ ንዐለት 24-25/10/09 ኣብ ጀርመን ተመዲቡ ዘሎ ናይ መላእ ኤውሮጳ ሓባራዊ ሰሚናር ዘድሊ ምድላዋት ገይሮምን ናባኡ ክሳተፉ ዝተመደቡ ብጾቶም ኣላልዮም።

ኣብቶም ዝተኻየዱ ምይይጣት ከም ኣኒ ትጽቢት ህዝብና፡ በዚ ጨቓኒ ጉጅለ ዘሕልፎ ዘሎ ጸበባ፡ ካባና ዝድለ ሃዲሽ ኣተሓሳስባ፡ ናይ ጽባሕ ኤርትራ ኣንታይ ክትመስል ኣሎዋ፡ ተሪፉ ዘሎ ጉዐዞ ሓድነትን ቅጻልነቱን ወዘተ ዝኣመሰሉ ኣርኣስትታት ነይሮም።

ነዚ ካብ ነዊሕ ግዜ ክንጎዓዘሉ ዝጸናሕናን፡ ብዐትበት ተተሓሒዝናዮ ዘሎናን ዐማም ሓድነት ናይ ብፖለቲካዊ ፕሮግራሞም ዘይፈላለዩ ኤርትራውያን ድማ ነፍሲ ወከፍ ኣባል ግዴኡ ከየብኩርን ብንቕሓት ክሰርሕን ድማ መብጽዓ ኣትዮም።